# ኣብ ዋሽንግተን ዲሲን ከባቢኣን ዕዉት ኣኼባ ህዝባዊ መኸተ ተቓኒዑ "ሃገረይ ዘይበለ፥ ካባና'ፈለ!"

ኣብ ዋሽንግተን ዲሲን ከባቢኣን ዝነብሩ ልዕሊ 2000 ኤርትራውያን ዝተሳተፍዎ "ቅድም-ቀዳድም ሃገራዊ ድሕነት!" ኣብ ትሕቲ ዝብል ቴማ ዝተኻየደ፥ ዕዉት ኣኼባ ህዝባዊ መኸተ ብሕዳር 18, 2007 ኣብ ዳብልትሪ ሆቴል (ክሪስታል ሲቲ) ካብ ሰዓት 1-6 ድ.ቀ.ብዉዕዉዕ ሃገራዊ መንፈስ ተኻይዱ። ኤርትራዊ መኸተ ንምሕያል ዝዓለመ ሸሞንተ ነጥብታት ዝሓዘለ ዉሳኔታት ኣብ ርእሲ ምሕላፍ ፡ ነብሲ ወከፍ $500 ዶላር ክኸፍል ህዝባዊ ውሳኔ ሓሊፉ።

ኣብ'ዚ ዕዉት ኣኼባ፥ ሰማእታትና ድሕሪ ምዝካር፥ ኣደ መንበር ሓይሊ ዕማም ሽማግለ መኸተ ወይዘሮ ሶፍያ ተስፋማርያምን ተሓጋጋዚኣ ኣቶ በረኸት ተኽለን ብእንግሊዝን ትግርኛን ኣብ ዘቕረብዎ መኽፈቲ ቃል፥ ንተሳተፍቲ እንቋዕ ብደሓን መጻእኩም ድሕሪ ምባል ኣብ ዘቕረብዎ ቃል ሓይሊ ዕማም መኸተ፥ እቲ "ቅድም ቀዳድም ሃገራዊ ድሕነት" ኣብ ትሕቲ ዝብል ቴማ ዝተሰላሰለ ኣኼባ፥ ንስም ኤርትራን ኤርትራዊያንን ብስም ግብረሽበራ ምስሎም ንምድዋን ዝካየድ ዘሎ ሽርሓዊ ዘመተ ዓገብ ንምባልን፥ ሎም'ዉን ከም ትማሊ፥ ይርሃዉ ይጽበብ ኣብ ጎድኒ ሓርበኛ ህዘብናን ሰራዊትናን መንግሰትናን ብጽንዓት ደዉ ኢልና ከምዘለና ዳግማይ ንምርግጋጽን ምዃኑ ብምሕባር፥ ነቲ መአከቢ ኣዳራሽ ካብ ጻት ንጻት የዕለቕሊቕዎ ዝነበረ ህዘቢ ብዘየውላውል መንፈስ ብምሕባር፥ ብነጎዳ ዝጥዕም ጣቕዒት ተሰንዮም'ዮም ነቲ ታሪኻዊ ኣኼባ ከፊቶሞ።

ኣብ'ዚ ብጠለብን ተበግሶን ህዝቢ ዝተዋደደ ባይቶ መኸተ ህዝቢ ከም ናይ ክብሪ ዕዱም፥ ኣምባሳደር ሃገረ ኤርተራ ኣብ ሕ.መ.ኣመሪካ ኣቶ ግርማይ ገብረማርያም ካብ ዘስምዖ ሓጺርን ንጹርን መደረ፥ ኣብ ዝሓለፈ እዋን ዝተፈላለዩ ሰበ ስልጣን ኣሜሪካ ንኣበርክቶ መንግስቲ ኤርትራ ኣብ ምቅላስ ግብረሽበራ ብኣዎንታን ናእዳን ብምግላጽ ይምድሩ ከምዘይነበሩ፥ ሎሚ ንጃንዳ መለስ ካብ'ታ ዘይትተርፎ ስዕረት ንምድሓንን ኤርትራ ነብሳ ኣብ ምኽኣል ንእተመዘግቦ ዘላ ዓወታት ብኣጋ ንምኹላፍን፥ ነዊሕ ዝርዝራቱ ዕንቅፋት ኣብ ርእሲ ምፍጣር፥ ኣብ መዝገብ ሃገራት ደገፍቲ ግብረ ሽበራ ንምእታዋ ላዕልን ታሕትን ይብሉ ከምዘለዉ ጠቒሱ፥ ምምልካት ዶብ ብጽንዓትናን ዘየወላውል ቅሩብነትናን ጥራይ ከምዝትግበር ብምሕባር፥ ተጻብኦ ጸላእትና ደዉ ዝብል፥ ዉግእ ምሳና ከምዘየዋጽኦም ምስዝስወጦም ጥራይ ምዃኑ ገሊጹ።

ብምቕጻል፥ እቶም ኣብ'ዚ ኣኼባ ህዝባዊ መኸተ፥ ሽግ ቀዳሞት ሓርበኛታታ ብምልዓል ቀጻልነት ቃልሲ ኤርትራዊ ሃገራውነት ንምርግጋጽ ኣብ መስርሕ መኸተ ዝተሩ ዘለዉ መንእሰያት የዉሃንስ ስዩም፣ ብስራት መዝገበን፣ ሳባ ስብሃቱን፥ ንመዛኑኦም ብምውካል መድረኽ ተረኪቦም በብወገኖም "ተራ ኤርትራ ኣብ ቀርኒ ኣፍሪቃ፥ እቲ ሓቅን ጽውጽዋያቱን፥" ኣብ ትሕቲ ዝብል ኣርእስትታት፥ ንመስርሕ ምምልካት ዶብ፣ ጸለም ኣመሪካ ኣንጻር ኤርትራን፣ ኣሉታዊ ተራ ማዕከናት ዜና ሃገራት ምዕራብን ብዝምልከት መሃርን መሳጥን መግለጺታት ብፕሮጀክተር ኣሰንዮም ብቋንቋ እንግሊዝ ኣቕሪቦም።

ዶ/ር ኣስገደ ሓጎስ "መኸተ ኣንጻር'ቲ ሓቀኛ መሰለት ከህስስ ዝህቅን ጸለመታት" ኣብ ትሕቲ ዝብል ኣርእስቲ፥ ነቲ ሚዛናውነትን ሓቅን ዝጎድሎ መራኸቢ ብዙሓን ሃገራት ምዕራብን ተራ ኤርትራ ንምንእኣስ ዝኽተሎ እከይ ሜላን ኣቃሊዑ። ዶ/ር ጊደዎን ኣባይ አስመሮም ብወገኑ፥ "ውዲታት 60 ዓመታት ኣበርዒኑ ዝሰወደ ኤርትራዊ ህዝባዊ መኸተ" ኣብ ትሕቲ ዝብል ኣርእስቲ፥ ንታሪኽ መኸተ ህዝቢ ኤርተራ ካብ ጥንቲ ክሳብ ሎሚ ብምትንታን፥ እቲ እንክትንከፍ ዝንድር፣ ክውረር ዝምክት፣ ክቃለስ ዝስውድ፣ ክውፈ ዝድብል፥ ዘይጸዓድ ህዝቢ፥ ካብ ትማሊ ሎሚ፥ ካብ ሎሚ ከኣ ጽባሕ ዝሕይል ህዝቢ መኸተ፥ ሎሚ'ውን ከም ትማሊ ዓወቱ

ካብ ብርኩ፣ ምዕባሌኡ ካብ ጽፍሩ፣ ህላዌኡ ከኣ ካብ ጽንዓቱ ምዃኑ ዝገልጽ፡ ብምሩጽ ቃላትን ስርዓት-ቋንቋን መግለጺኡ ምስ ዛዘመ፡ ካብ ጀርመን ኣብ'ዚ ኣኼባ ክሳተፍ ዝመጽኤ ገዲም ተጋዳላይ ኣቶ ዓብደልቃድር ሓምዳን፡ ብወገኑ፡ “ምስ ጸላኢ ተሰሊፉ ህዝቡን ሃገሩን ዝወግእ “ተቓዋሚ”፡ ኣይተቓዋምን፡ ዕሱብ'ምበር” ኣብ ትሕቲ ዝብል ኣርእስቲ ኣብ ዘቕረቦ መግለጺ፡ ልኡላውነትን ሃገራዊ ክብረትን ንጸላኢ ብምሻጥ ብስም “ተቓውሞ” ሃገርን ህዝብን ምውጋእ ይቕረ ዘይበሃሎ ዓቢ ታሪኻዊ ገበን ምዃኑ ጠቒሱ፡ ሃገር ኣብ ትውግኣሉ፡ ንሃገሩ ዘይከላኸል ኣብ ታሪኽ ወትሩ ብሕፍረት ዝነብር ድኹም ፍጥረት ምዃኑ ምስ መረድኢታቱ ብምዝርዛር፡ ወኒ ተሳተፍቲ ዘበራበረ ታሪኻዊ ፍጻሜታት ኣዘንተዩ።

ኣብ'ዚ ዜጋ ንሃገሩ ኣለኹልኪ ክብለላ ትጽቢት ዝግበረሉ በዳሂ ግዜ፡ “ሃገር ዘይበለ፡ ኣይናትናን'ዩሞ ካባና'ፈለ!” ተባሂሉ፡ ህዝቢ ሕጂ'ውን ብሓደ ልቢ፡ “ሃገረይ!” ኢሉ። “ሃገረይ ሕተቲ ርኸቢ፣ ሰውዲ፣ እተን ዳግማይ ዘውደቓኺ ልሳናት፡ ሕጂ'ውን ዳግማይ ክዛረባ'የን። ገለ ካብ'ቲ ተሳተፍቲ እዚ ታሪኻዊ ኣኼባ'ዚ፡ በብተራ ብምዉጻእ ሰበ ስልጣን ኣሜሪካ ብቐንዱ ድማ ክፍሊ ጉዳያት ወጻኢ ኣሜሪካ ንኤርትራ ኣብ መዝገብ ሃገራት መወልቲ ግብረ ሽበራ ንምስፋራ ዝግበር ዘሎ ተሰለፍ ተኣንጎት ዝነጽግ፣ ስርዓት ወያነ ከበግሶ ዝሸባሸበሉ ዘሎ ናይ ቀቢጸ-ተስፋ ኵናት ዝኹንን፣ ማሕበረሰብ ዓለም ካብ'ቲ ዘሕፍር ዕንክሊል ወጺኡ ሓላፍነቱ ክተግብር ዘዘኻኽር፣ ሓርበኛዊ መደረታት ድሕሪ ምስማዕ፤ የሕዋትናንን ደቅና ኣብ ቅድመ-ግንባር ተሰሊፎም ብጅግንነት ኣብ ዝምክትሉ ህሞት፡ ንሕና'ዉን ብዓቕምና ናይ ገንዘብ ወፈያ ክንገብር ኣለና ብምባል፡ ኣብ ርእሲ'ቲ ብኡ ንብኡ ዘበርከትዎ ወፈያ፡ ነብስወከፍ ሰብ $500 ዶላር ከወፊ ብሙሉእ ድምጺ ውሳኔ ብምሕላፍ፡ ንውጽኢት ትሕዝቶ ዘተ ህዝባዊ መኸተ ዘንጸባርቕ ኣብ ዘውጽእዎ ውሳኔታትን ለበዋታት፡ ንኩሉ ኣንጻር ኤርትራ ዝቐንዐ ውዲታት ኮኒኖም፣ መንግስቲ ኤርትራ ዞባዊ ርግኣትን ሰላምን ንምምጻእ ዘካይዶ ዘሎ ዘይሕለል ዞባዊ ጻዕርታት ደፊሮም፣ ድሕነት ኤርትራ ንምርግጋጽ ከም ወትሩ ኣብ ጎድኒ ህዝብን ሰራዊትን መንግስትን ኤርትራ ደው ከም ዝብሉ ከኣ ዳግማይ ብስሙር ድምጺ ቃሎም ኣሐደሶም። ከም ምልክት ሓድነቶምን ጽንዓቶምን ከኣ ኢድ-ንኢድ ተተሓሒዞም፡ “ኣለናልኪ ሃገርና!” ዘሚሮም።

እዚ ከምዚሉ እንከሎ፡ ኣብ ሴይንትፖዉል/ምንያፖሊስ ሜነሶታ ዝነብሩ ኤርትራውያን ብሕዳር 6፣ 2007፣ ኣብ ዳላስን፣ ሂስቶን-ቴክሳስ ከኣ ብሕዳር 18 ኣብ ዘካየድዎ ተመሳሳሊ ዕዉት ኣኼባ ህዝባዊ መኸተ፡ ልኡላውነት ሃገር ንምኽባርን፡ ኩሉ ተጻብኦታት ንምምካትን ኣብ ጎድኒ ህዝቦምን መንግስቶምን ከምዝቃለሱ ብሙሉእ ድምጺ ድሕሪ ምጽዳቕ፤ ካብኦም ዝጥለብ ዘበለ ኩሉ ከማልኡ ድልዉነቶም ኣረጋጊጾም።

ዓወት ንሓፋሽ!!

ሓይሊ ዕማም ህዝባዊ መኸተ<br>ዋሽንግተን ዲሲን ከባቢኣን<br>ሕዳር 18, 2007